# መግለጺ ሐዘንን ገለ ክፋል ታሪኽን ስዉእ ተወልደ ገብረዝጊ

ስዉእ ተወልደ ገብረዝጊ ካብ አቦኡ አቶ ገብረዝጊ ተሰማ ካንደባ ካብ አዲኡ ወይዘሮ ውባ ድራር ዓዜን  አብ ከተማ አስመራ ተወሊዱ።
ዕድመ ትምህርቲ ምስ አኸለ ቀዳማይ ደረጃ አብ ቤት ትምህርቲ አኽርያ ካልአይ ደረጃ ድማ አብ ቀደማዊ ሃይለስላሰ ናይ ሎሚ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ አጠናቂቁ ካብኡ አብ ዩኒቨርሲቲ አሰመራ ሰልሳይ ዓመት እንዳተማህረ ከሎ ፍትወት ሃገሩን ፍቅሪ ህዝቡን ሰለዝዓዘዞ አንጻር መግዛእቲ ስርዓት ሃይለስላሰ ምእንቲ ነጻነት ኤርትራ
አብ መወድእታ ወርሒ 12. 1972 ከምቲ ኩሉ መናእሰይ ኤርትራዉያን አብቲ እዋን እቲ ስምዒት ሃገር ሒዝዎም ንሜዳ ኤርትራ ብብዝሒ ንክስለፉ ዝሸባሸቡ ዝነበሩ ሐደ ኮይኑ አብ ንኡስ ዕድሚኡ ትምህርቱ አቃሪጹ ናብ ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ (ተ.ሐ.ኤ.) ተስለፈ።።



አብ መጀመርታ ወርሒ 01. 1973. ከአ ምስቶም አብታ ጊዜ እቲአ ናብ ተ.ሐ.ኤ. ዝተሰልፉ ልዕሊ 150 መናእሰይ ኤርትራ ወተሃደራዊን ፖለቲካዉን ትምህርቲ ድሕሪ ምዉሳዱ ተሐጋጋዚ ፖልቲካዊ ኮምሽነር ናይ አዉራጃ ሳሕል ኮይኑ ተመደበ።

ስዉእ ተወልደ ኣብቲ እዋን እቲ ማለት ኣብ 1973 ኣብ ሳሕል ተመዲቡ ክሰርሕ ኮሎ ምስቲ ኣብቲ ጊዜ እቲ ዝነበረ ሐያለ ምትፍናን ኣብ ሞንጎ ተ.ሐ.ኤ.ን ህ.ግ.ሐ.ኤ. ናይቲ እዋን እቲ ህዝባዊ ሐይልታት። ኣብ ሳሕል እቲ ሓያል ምትፍናን ዝነበሮን ሐያል መስዋእቲ ዝሐትት ቦታ ከም ምኻኑ መጠን ብሙቁሉል ጠባዩን ብሐያል ጽንዓቱን ። ብዉፉይ ተግባራቱን ብጽኑዕ ፖሎቲካዊ ተወፋይነቱን ነቲ ዝነበረ ኩነታት ናይ ዉግእ ሕድሕድ እኩይ ተግባር ንምብራዙ ሐያል ቃልሲ ዘካየደ ብጻይ ነበረ።
ድሕሪ እዚ መሪር ቃልሱ ኸአ ህቡቡነቱ ጠባያቱን ምስ ተጋደልቲ ዝነበሮ ፍቅርን ሐቢርካ ናይ ምስራሕ ቀዳምነት ሰሪዑ ዝጉዓዝ ዉፉይ ብጻይ ምኻኑ ኣብ ኩሉ ተጋዳላይ ብፍላይ ከአ ኣብ ሕዝቢ ሐያል ተቀባልነት እናሐዘ መጸ ። ኮይኑ ግን ናብራ ገድሊ ኣብ ሐደ ጠጠዉ ስለ ዘይበሃል እቲ ቀዳማይ ዕማሙ ኣቃሪጹ ናብ ሐዲሽ መደቡ ሐላፊ ሕብረተ ሰብኣዊ ጉዳያት ኣብ ኣዉራጃ ሐማሴን ኮይኑ ስርሑ ፈለመ። ስዉእ ተወልደ ምስቲ ተወፈያነቱን ኣብ ሰራዊት ኣመስኪርዎ ዝጸንሔ ተፍላጥነት ኣብዚ ሐዲሽ መድቡ ከይትጋየሽ እዩ ስርሑ ዝጀመረ።
ስዉኡ ተወልደ ገብረዝጊ ኣብ 1975 ኣብ ሐማሴን ስርሑ ብሙዱብ እናሰርሔ ፖሎቲካዊ ንጥፈታቱ ኸአ ማዕረ ማዕሪኡ ብተዓጻጻፍነት ነቲ ኣብቲ እዋን እቲ ርክብ ናይ ክልተ ዉድባት ሳላ ጻዓት ናይ ሕዝቢ ኪናት ሕድሕድ ጠጠዉ ኢሉ ርክባት ዝተጀመረ ተቀጽዩ ዳግም ኪናት ሕድሕድ ከይዉላዕ በዳሂ ዝኾነ ቃልሲ ኣብ ቅድሚኡ ከም ዘሎ ብቀረባ ስለ ዘስተብሃለሉ ምስ ብጾቱ ሐያል ቃልሲ ከካይድ ጀመረ። ከም ሓላፊ መጠን ከአ ምዱብ ስርሑ እናስርሔ ርክቡ ምስ ሕዝቢ። ምስ ሰራዊት። ነቲ ኣብ ዉሽጢ ሃገር ዝነብር ሕዝብና ኸአ ምስታ ኣብቲ እዋን እቲ ዝነበረት ብስዉእ ኣብርሃም ተኸለ ትምራሕ ዝነበረት ፌዳይን ጡብቅ ዝምድና ብምግባር ዝአክል መልእኽትታት ኣንጻር ኪናት ሕድሕድን ንሐድነት ክልቲኡ ውድባት ዘስምር ናይ ሐድነት ጭርሖ ከም ዝጭርሕ ዕቱብ ቃልሲ ኣካይዱ ኢዩ። እዚ ቁዱስ ዕላማ ኸአ ብሰራዊትን ሕዝብን ተቀባልነቱ እናሐየለ ከደ፡ ከምዚ ኢሉ ሓያል ቃልሲ እናተኻየደ እንከሎ ኣብ ሕ.ሐ.ሐ.ኤ. ኣብ ክልተ ስለ ዝትመቅሉ መሪሕነት ተ.ሐ.ኤ. ቀልጢፉ ምስቲ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝባዊ ሐይልታት ናይ ስምረት ዘተ ምስ ጀመረት ስዉእ ተወልደ ምስ ሰራዊት ተ.ሐ.ኤ. ኮይኑ ስምረት ምስቲ ኣብ ሜዳ ኣብ ጎኒ ተጋድሎ ሐርነት ኤርተራ ኮይኑ ንጸላኢ ዝዋጋእን ንህዝቢ ዝከላኸልን ዘሎ ህዝባዊ ሐይልታት እዩ ክኸዉን ዘለዉ ዝብል ካብቶም ርእይቶታት ዝሃቡ ዉፉይ መራሒ ነበረ። እቲ ጉዳይ እናሐየለ ኣብ ዝኸደሉ ዝነበረ ግዜ ኣብ ዉሽጢ እቲ ላዕለዋይ መሪሕነት እዉን ሕቶታት ክለዓል ጀመረ። ብላዕለዋይ መሪሕነት ደረጃ ኸአ ብዓል ስዉእ ፍስሃየ ገብረሚካኤል ዝርከብዎም ኣብ ጎኒ እቲ ሰራዊት ኮይኖም ኣብ ዉሽጢ እቲ መሪሕነት በዳሂ ዝኾነ ሕቶታት ክቀርብ ጀመረ። ኮይኑ ግን ሶዉራ ኤርትራ ካብ ኣበጋግስኡ ኣትሒዙ ናይ ርእይቶ ፍልልያት ንቡር ኮይኑ ካልእዊ ግርጭታት ብዘተ ናይ ምፍታሕ ባሕርያት ዘይዉንን ኮይኑ ብምጽንሑ ነቲ ዝነበረ ቅኑዕ ሕቶን ርእይቶን ናይ ሰራዊትን ገለ ካብ መሪሕነትን ብሉዙብ ኣገባብ ፖሎቲካዊ ፍታሕ ኣብ ክንዲ ዘናዲ ፋሉል ዝብል ሽም ኣጠሚቁ ስጉምትታት ክወስደሉ ኣብ ዝጀመረ ሰዓት መቃልስቱ ሰራዊት ብብረት ክዉቅዑ እንከሎዉ ገሊኦም ከአ ኣብ ሱዳን ክአትዉ ከለዉ ስዉእ ተወልደ ገብረዝጊ ኸአ ኣብታ ነዚ ምንቅስቃስ ንምርዓድን ንምጥፋእን ኢላ ሓዳሽ ቤት ማእሰርቲ ሞጎራይብ እብ ዝበሃል ቦታ ብ 1976 ዝተዶከነት ምስ ብዙሐት ብጾቱ ንክልተ ዓመት ሙሉእ ነቲ ዘሰቅቅ መቕጻዕቲ ተጸሚሙ ኣብ ሂወቱ ዓቢ ስምብራት ሒዙ ካብ ቤት ማእሰርቲ ሞጎራይብ ወጸ። ስዉእ ተወልደ ገብረዝጊ ኣብታ ገሃንም ዝኾነት ኣብ መጎራይብ ዝተደኮነት ቤት ማእሰርቲ ዝወረዶ ናይ ክፍሊ ምርመራ ኣብ ኣካላቱ ዘትረፎ ሐያል ስምብራት ተጸሚሙ ከይተሐለለ ዕላምኡ ንምዕዋት ነቶም ብዘይ በደልን ገበንን ንጹሃት ተጋደልቲ መሰረት ዘይብሉ ካብ ሐቂ ዝርሐቐ ብሽም ፋሉል ተባሂሎም ልዕሊ 300 ኣብ መጎራይብ ምስኡ ተአሲሮም ዝነበሩ ካብ ውሽጦም ሽማገለ ኣዉጺኦም ምስ ብዓል ስዉእ ዮሱፍ በያን፤ ስዉእ መንግስተኣብ ማትዮስ ኮይኑ በቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝወርድ ዝነበረ ግፍዕታት ከይርዕዱ ምኽርታት እነዳሃቡ መሰረትን መንቀልን፤ ሕቶታት፤ ርእይቶታት ተጋደልቲ ቅኑዕ ምኻኑ ብምግላጽ ንመሪሕነት ዝወሰዶ ግጉይ ስጉምቲ ድማ

ብምርዳእ ብትብዓት መትከላዊ ስነስርዓትን ስነፍልጠትን አገባብ ቃልሲ ተኸቲሉ ክሳብ መሪሕነት አብ ጌጋታቱ ዝአምን ዓቢ ተራ ተጻዊቱ ኢዩ። ብድሕሪ እዚ አሰቃቂ አብ ሂወቱ ዘጋነፎ ቃልሱ ንኸቅጽል አብ ዝተበገስሉ እዋን እቶም ብምኽንያት ምእሳሩ ዝተፈልዮም ብጾቱ፤ እቶም ዝበዝሑ ሰራዊት ብጀብሃ ብረታዊ ስጉምቲ ምስ ተወስዶም ነቲ ጉዳይ ብሰላም ንክፈትሕዎ አብቲ ህዝባዊ ሕይልታት ዝነበረቶ ቦታ ንክፅቀቡ ምስ ከዱ ህዝባዊ ሐይልታት ከተዕቅቦም ዘይኮነ ኢዶም ክህቡ ተጽዕኖ ስለ ዝገበረትሎም ኢዶም ክህቡ ተገዲዶም። ገለ ክፋል ከአ ብስዉእ ኪዳነ ዓንደመስቀልን ስዉእ ተስፋይ በላይን ትምራሕ ናብ ሕዝባዊ ሐይልታት ኢዶም ክህቡ ቁሩባት ስለ ዘይኮኑ አብ ዉሽጢ አስመራ አንጻር ደርጊ፤ ተ.ሐ.ኤ. ፣ ህዝባዊ ሐይልታት ምእንቲ ፍትሒ ክቃለሱ ብረቶም ዓጢቆም ከም ዘለዉ ሰምዔ ። ካልኦት ብጾቱ ኸአ ካብቲ ኩነታት አምሊጦም አብ ሱዳን ከም ዘለዉ ። ቃልሶም ኸአ የካይዱ ከም ዘለዉ ስለ ዝፈልጠ እታ ሐንቲ አማራጺት ንሱዳን ምእታዉ ስለ ዝነበረት ናብ ሱዳን ገጹ አምርሔ።

ስዉእ ተወልደ መቀጽልታ ቃልሱ አብ ሱዳን ጀመሮ አብ ካርቱም ኸአ አብታ ቀንዲ መነሃርያ ናይ ቃልሲ ዝነበረት ገዛ ስዉእ የማነ ገብረሚካኤል(ባርያ) ከምቲ አቀዲሞም በዓል ስዉእ ኢሳቅ ፍቃዱ ጀሚሮሞ ዝጸንሑ አብቲ እዋን እቲ ነቲ ኩነታት እቲ ዝገልጽ ብስዉእ የማነ ገብረሚካኤል ዝድረፍ ዝነበረ ሶዉራዊ ደርፍታት ብነጻ አባዚሕካ ናይ ምዝርጋሕ ካብኡ ሐሊፉ ንዉሽጢ ሜዳ ከም ዝአቱ ምግባር ተተሐዞ ። በዚ ዝርዓደ መሪሕነት ናይቲ ኣዋን እቲ ኸአ ነቲ ደርፍታት ሰብ ከይሰምዖን ከይሕዞን ጥብቂ ምቁጽጻር ምግባር ጥራሕ ዘይኮነ ነቲ ካሴታት አብ ላምባ እናእተዉ ከም ዘይስማዕ አብ ዝገብርሉ ዝነበሩ ህሞት ስዉእ ተወልደ ዓቢ ፍናን ተሰሚዕዎ ብሐያል ወኒ እናቀጸሎ እንከሎ እቲ ኩንታት ተመሐይሹ ንሜዳ ናይ ምምላስ ትጽቢት እናገበረ እቲ ኩነታት አብ ክንዲ ዝመሐየሸ እናባአሰን እናጸበበን ክኸይድ ምስ ተዓዘቦ ምስ ኩሎም ብጾቱ ስደት ናይ ምቅጻል መድብ ሒዙ ብ 1980 ናብ ፈረንሳ ተሰደ። አብኡ ንገለ አዋርሕ ምስ ጸንሔ እቶም ዝበዝሑ ብጾቱ አብ ጀርመን ስለ ዝነብሩ አብ መጀመርታ ወርሒ 1981 ንጀርመን አተወ አብ ጀርመን ምስ አተወ ኸአ ምስ ብጾቱ ተራኺቡ አብ ኤረተራዊ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ (ኤ.ደ.ም.) ምስ ብዓል ስዉእ ፍስሃየ ገብርሚካኤል፤ ስዉእ ገርጊሽ ሃብተ ዝነበርዎ ቃልሱ ቀጸለ ።

ስዉእ ተወልደ ድሕሪ ነጻነት ሃገራዊ ቁዋም ተንዲፉ አብ ሕዝቢ ወሪዱ አብ ክትዕ አብ ዝቀረበሉ ግዜ ሕጂስ ብስርዓተ ሕጊ እትመሐደር ብዙሕነት ናይ ሰልፍታት እተኽብር ሃገር ክንምስርት ኢና ዝብል እምንቶ ምስ ሐደሮ ንመጀመርታ ጊዜ አብ 1996 ድሕሪ 23 ዓመት ምስ ወለዱን የሕዋቱን መትዓብይቱን ንክራኽብ ናብ ኤርትራ አስመራ አብታ ዝዓበየላ ዓዲ በጺሑ።

በዚ አጋጣሚ እዚ ኩሉኹም ፈተውቱን መቃልስቱን መታዓብይቱን አብ ዝተፈላለየ አጋጣሚታት ክንራኽብ እንከለና ደሃይ ወዲ ገብርዝጊ እንታይ አሎ ትብሉና ዝነበርኩም ተወልደ ገብረዝጊ ብዕለት 23 ጥቅምቲ 2011 ብድንገት ዓሪፉ፤ ብበዓልቲ ሐዳሩን ደቁን፤ መተዓብይቱን፤ ናይ ዕላማ መቃልስቱን፤ ህዝቢ ኤርትራን ጀርመንን ተዓጂቡ አብ ከተማ ረጊንገን ጀርመን ብዕለት 29.10.2011. ስነስርዓት ቀብሩ ተፈጺሙ።

ናብታ ንኩልና እትጽበየና ዓለም ቀዲሙና ዝሐለፈ ብጻይ

መንግስተ ሰማይ የዋርሶ ንስድሩኡ ኸአ ጽንዓት ይሃቦም።

ብጾቱ ካብ ዓዲ ጀርመን